ኣብ ብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ
The Government of Regional State of Tigrai
ቤት ፅሕፈት ርእሰ ምምሕዳር
Office of The President

ዕለት 08 ሚያዝያ 2001
Date

ቁፅሪ ፎ/1/92/91
Ref. No

ካብ ክልል ትግራይ ርእሰ ምምሕዳር ቤት ፅሕፈት

**መቐለ፣**

**ያዒስ (ብራቮ) ተጋሩ ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣ/ኣበባ**

ዝኸበርኩም ክቡራት ውላድ ህዝቢ ትግራይ ተቐበልቲ ሕድሪ ጀጋኑ ወለድኹምን ኣያታትኩምን ዝኾንኩም ተጋሩ ተማሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣ/ኣበባ ! ዝፀሓፍኩምዎ ግልፂ ደብዳቤን ዝሃብኩምዎ መግለፅን ዝወሰድኩሞ ልምዓታዊ ቅዋምን ኣዝዩ ኣሕቢኑናን ኮሪዕናሉን ኢና። ህዝብኹም ህዝቢ ትግራይን ብሄ/ክልላዊ መንግስቲ ትግራይን ካባኹም ብዙሕ ይፅበዩ እዮም። ፅቡቕ ድሌትኩምን ቅኑዕ ራእይኩምን ውሳነኹምን ተግባራዊ ክኸውን ምሳኹም ኮይና ክንሰርሕ ኢና፤ ዘድልን ዝከኣልን ዓቕሚ ዝፈቐዶ ኩሉ ክንገብር ኢና። ኣብ ቀረባ ጊዜ ብኣካል ተራኺብና ዝርዝር ተግባራዊ ትልሚ ንምድላው ክነፍልጠኩም ኢና። ናህና ዝዓበየ ድሌትን ኩርዓትን ንፉዓት ተማሃሮን ኣብ ኩሉ ዓይነት ትምህርቲ ፀብለልታ ክትረኽቡን ብቑዓት ተቐበልቲ ሕድሪ ክትኮኑን እዩ! በዚ ኣጋጣሚ ንኹልኹም ኣብ መላእ ኢትዮጵያ ዩኒቨርስትታት ዘለኹም ተማሃሮ ተጋሩ እንኳዕ ናብ በዓል ፋሲካ ኣብፃሓኩም ንብል !

ምስ ሰላምታ !

ፀጋይ በርሀ
ርእሰ ምምሕዳር

☎ 04 - 40 62 00 - 10 Fax: 04 - 40 77 23 ✉ 120 Mekelle, Tigrai, Ethiopia

ራእይ ብ/ክ/መ/ትግራይ
"ዝተመሓየሸ መነባብሮ፣ ዝለዓለ ብርኪ ትምህርትን ቴክኖሎጂን ዝወነነ ሕ/ሰብ፣ ኣብ ተሳትፎ ህዝቢ ዝተመስረተ ዲሞ/ሲ፣ ሰላምን ሰናይ ምም/ርን ዝነገሰላ፣ ምዕቡልን ተዋዳዳራይን ዝኾነ ማእኸላይ እቶት ዘለወን ሃገራት ዘረጋገፀአ ብርኪ ዕበየት ኢኮኖሚ ዝበፅሐት ትግራይ ምርኣይ።"